## ሕክምና ረኽሲ ምርሳ

እቲ ሕክምና፡ ካብ 5-10 መዓልታት ይወስድ።

- ክሬማ ባክትሮባን （Bactroban）፡ መዓልታዊ ካብ 2-3 ግዜ ኣብ ጫፍ ነፍስወከፍ መስኮት ኣፍንጫ ልኸዩ።
- ጸጉርኹም ከይተረፈ ንምሉእ ኣካልኩም፡ ብሂቢስክራብ （Hibiscrub) ገይርኩም መዓልታዊ ሕጸቡ። ንመንገ ኣጻብዕቲ ኢድኩምን እግርኹምን ምሕጻብ ዘክሩ። ሳሙና ብተኸታታሊ ንኽልተ ግዜ ተጠቐሙ።
- ብጽሩይ ሽጐማኖ ገይርኩም ድማ ንርእስኹም ኣንቅጹ።
- ምርሳ፡ ኣብ ጕሮሮኹም እንተልዩ፡ ኮርሶድይል （Corsodyl） ብዚብሃል መጸራረዪ ኣፍ እንተወሓደ ኣብ መዓልቲ ንኽልተ ግዜ ጕራዕራዕ ብምባል ኣጽርይዎ።
- ንክዳውንቲ፡ ኣንሶላን ናይ ኢድ ሽጐማኖን ቀይሩ፣ ንሽጐማኖን ኣንሶላን ኣብ 60 ዲግሪ ከምዚሕጸብ ግበሩ።
- እቲ ልሙድ ክሬማ መተርከሻ ኣይትጠቐሙ – ምኽንያቱ፡ እትሕከሙሉ ፍርያት ከምጽኦ ንዘለዎ ለውጢ ንኸይመጽእ ይዕንቅጾ። ኣባይተ–መድሃኒት፡ ንቆርበትኩም ንኸተንቅጹ ኽትጥቀሙሉ እትኽእሉ ፍሉይ ክሬማታት ኣለወን።

ዝልከ ቅብኣታት፣ መጸራረዪ ፈሳስን መጸራረዪ ኣፍን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ባዕልኹም ከፈልኩም እትዕድግዎ ኣይኮነን።

## ድሕሪ ምጽርራይ

እቲ ሕክምና ድሕሪ ምውድኡ፡ ክትትል ንምግባር ኣብ ቀዳማይ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ሳምንታት ናሙና ኪውሰድ እዩ። እቲ ናሙናታት፡ ከምቲ ኣብ ፈለማ እተወስደ ብተመሳሳሊ መገዲ ካብ ኣፍንጫ፡ ጕሮሮን ረቓቒቶን ብትትዖ ጡጥ  ይውሰድ፣ እቲ ክትትል፡ ድሕሪ 3፡ 6ን 12ን ኣዋርሕ ንኺውሰድ ምሕጽንታ ይውሃብ።

ባክተርያ ምሉእ ብምሉእ ቅድሚ ምጥፍኡ፡ እቲ ሕክምና፡ ሓደ ሓደ ግዜ ንሓያሎ እዋናት ተደጋጊሙ ይካየድ።